National Institute for Public Health
and the Environment
*Ministry of Health, Welfare and Sport*

RIVM

A. van Leeuwenhoeklaan 9
3721 MA Bilthoven
Postbus 1
3720 BA Bilthoven
www.rivm.nl

T +31 88 689 8989
info@rivm.nl

# ለውጢታት ኣብ መደብ ክታበት 2025

ክታበታት ንውላድኩም ካብ ከበድቲ ተላባዕቲ ሕማማት ይከላኸልሉ እዮም። ቤት-ምኽሪ ጥዕና ብርክት ዝበሉ ክታበታት ኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ንኽወሃቡ ምኽሪ ሂቡ ኣሎ። ስለዚ ኣብ 2025፣ 4 ናይ ክታበት እዋናት ተቐይሮም ኣለዉ። በዚ ድማ ሕጻናት ብዝያዳ ዝሓሸ ምክልኻል ይረኽቡ።

## 1 ዝሓሸ መከላኸሊ ኣንጻር ትኽትኽታ ከምኡ እውን ሄሞፊለስ ኢንፍሉዌንዛ ዓይነት b (Hib)

ዕድመ ክታበት ኣንጻር ዲፍተርያ፣ ትኽትኽታ፣ ተታኑስ፣ ፖልዮ፣ ሄሞፊለስ ኢንፍሉዌንዛ ዓይነት b፣ ወይቦ B (DKTP-Hib-HepB) ከምኡ እውን ፐነሞኮከን ካብ 11 ናብ 12 ኣዋርሕ ክቕየር እዩ። እዚ ለውጢ ካብ 1-1-2024 ጀሚሮም ንዝተወልዱ ሕጻናት ዝምልከት እዩ።

## 2 ዝሓሸ መከላኸሊ ኣንጻር ንፍዮ

ውላድኩም ካልኣይ ክታበት ኣንጻር ጽግዕ፣ ንፍዮን ንፍዮ-ጀርመንን ኣቐዲሙ ክወስድ እዩ። ብኸምዚ ሕጻናት ዝሓሸ ምክልኻል ይረኽቡ፣ ብፍላይ ኣንጻር ንፍዮ።

ካብ 2022 ጀሚሮም ዝተወልዱ ሕጻናት ኣብ ከባቢ 3 ዓመት ዕድሚኦም ነቲ ክታበት ክወስዱ እዮም።

ካብ 2016 ክሳብ 2021 ዝተወልዱ ሕጻናት ድማ ካብ 5 ክሳብ 9 ዓመት ዕድሚኦም ነቲ ክታበት ክወስዱ እዮም። ኣብዚ ታሕቲ ውላድኩም ናይ ጽግዕ፣ ንፍዮን ንፍዮ-ጀርመንን (BMR) 2ይ ክታበት ንኽወስድ መዓስ ዕድመ ከም ዝቕበል ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም።

| **ውላደይ ዝተወልደሉ ዓመተ-ምህረት፡** | **ውላደይ ናይ ጽግዕ፣ ንፍዮን ንፍዮ-ጀርመንን (BMR) 2ይ ክታበት ዕድመ ዝቕበለሉ፡** |
|---|---|
| 2016 | 2025 |
| 2017 | 2025 |
| 2018 | 2026 |
| 2019 | 2027 |
| 2020 | 2027 |
| 2021 | 2026 |

## 3 ዝነውሐ መከላኸሊ ኣንጻር ትኽትኽታ

እቲ ኣንጻር ዲፍተርያ፣ ትኽትኽታን ተታኑስን (DKT) ዝወሃብ ክታበት ካብ 4 ናብ 5 ዓመት ክቕየር እዩ። ስለዚ ድማ ሕጻናት ንነዊሕ እዋን ምክልኻል ይረኽቡ፣ ብፍላይ ኣንጻር ትኽትኽታ። እዚ ለውጢ ካብ 1 ጥሪ 2021 ጀሚሮም ንዝተወልዱ ሕጻናት ዝምልከት እዩ።

ናይ ዲፍተርያ፣ ትኽትኽታን ተታኑስን (DKT) ክታበት፣ ናይ ዲፍተርያ፣ ትኽትኽታ፣ ተታኑስን ፖልዮን (DKTP) ክታበት እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣብዚ ዕድመ እዚ ክታበት ኣንጻር ፖልዮ ኣድላዪ ኣይኮነን። ውላድኩም ኣቀዲሞም ብዝተገብሩ ክታበታት ድሮ ካብ ፖልዮ ምክልኻል ረኺቡ እዩ።

## 4 ዝነውሐ መከላኸሊ ኣንጻር ዲፍተርያ፣ ተታኑስን ፖልዮን

እቲ ኣንጻር ዲፍተርያ፣ ተታኑስን ፖልዮን (DTP) ዝወሃብ ክታበት ካብ 9 ናብ 14 ዓመት ክቕየር እዩ። ስለዚ ድማ ውላድኩም ካብዞም ሕማማት ንነዊሕ እዋን ምክልኻል ይረክብ። እዚ ለውጢ ካብ 1 ጥሪ 2016 ጀሚሮም ንዝተወልዱ ሕጻናት ዝምልከት እዩ።

እቶም ናይ ክታበት ዕድመታት ብኣውቶማቲክ ክትቅበሉ ኢኹም። ብዛዕብኡ ዋላ ሓንቲ ምግባር ኣየድልየኩምን እዩ።